ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ SDG በጀት ኣብ ጣብያ ዓዲ ፀፀር ንዝስራሕ ናይ ሓባር ዒላታት ብናይ ማይ ስራሕቲ ንግዲ ፍቃድ ደረጃ 8 ደቀቅቲ ትካላት ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 24, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 19, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ታሕታይ ኣድያቦ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 19, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/

1 ኮንትራክተራት ሙሉእ መረዳእታ ናይ 2010 ግብሪ ዝኸፈልኩምሉ (ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ ዘለኩም) ፣መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ዘለኩም

2 ብቢሮ ሃፍቲ ማይ ዝተሓደሰ ብቅዓት መረጋገፂ ዘቀርብን ዝተሓደሰ ናይ ደአንት ብርኪ ወረቀት ምስክር ከቅርብ ዝኽእል፤ ካልኦት ኣድለይቲ ሰነዳት ብኮንትራክተራት ዝተማልአ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ነንበይኖም ብምዕሻግ ክልቲኦም ፖስታታት ኣብ ሓደ ዓብይ ብምግባር ኣብ ልዕሊ እቲ ፖስታ ናይ ተጫረቲ ማህተምን ሽምን ብምፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ከእትው ኣለዎም።ናይ ቴክኒክ መለክዒ ኣብ ናይ ባዕሉ ፖስታ ሙሉእ ኣድራሻ ተፃሒፉ ኣብ ናይ ቴክኒክ መእተዊ ጨረታ ዘእቱ፤

3 ተጫረቲ ኣብ ናይ ጨረታ ሰነድ ዝቀረቡ ቅጥዕታት መሊኦም ኣብ ነብሲ ወከፍ ሰነድ ፈሪሞምን ማህተም ገይሮምን በቀደም ሰዓብ ከየጓደሉ ከቅርቡ ኣለዎም። ዝተጋደለ ብእርሳስ ዝተመልአን ቅደም ሰዓቡ ዝተዛበዕን ሰነድ ጨረታ ካብ ጨረታ ወፃኢ ይገብር።

4 ኣብ እዋን ጨረታ ኣድላይቲ ዝኾኑ ሰነዳት ከቅርብ ዝኽእል፤

5 ተጫረቲ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ወረዳ ታሕታይ ኣዲያቦ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ቁፅሪ 4 ክትወሰዱ ትክእሉ።

6 ተጫረቲ ስዒርካ ተባሂሉ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3ተ መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ዝኽእልን፣ ከምኡውን ካብቲ ዝሰዓረሉ ጠቅላላ ዋጋ 5% ከትሕዝ ዝኸእል፤

7 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

8 እቲ ጨረታ 20/05/2011- 11/06/2011 ዓ/ም አብ አየር ይፀንሕ። እዚ ጨረታ 11/06/2011ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረቲ ወይ እውን ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ወረዳ ታሕታይ ኣዲያቦ ይክፈት።ተወዳደርቲ ብዘይምርካቦም ሰነድ ጨረታ ካብ ምክፋት ኣይተኣጋገልን፤

9 ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0345-500231/0345-500005 ደዊልኩም ምሕታት ይከኣል።

10 ኣብ ናይ ሓባር ዒላ ትወዳደሩ ተወዳደሪ ኤክስካቫተር ምስ ቼክ ሃመር ከቅርቡ ዝክእሉ ወይድማ ብክራይ ኣካራይን ሕጋዊ ውዕሊ ስምምዕነት ከቅርብ ዝክእል፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle